ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
ጨንፈር ሆላንድ

جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية
فرع هولندا

*ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT*
***Holland Branch***

# መግለጺ ሓዘን

ሕጂ ውን ዓቢ ዓንዲ ካብ ዓንድታት ሃገርና ኤርትራ እነሆ ተፋንዩና። ዋላ'ኳ ፍቓድ ኣምላኽ ኮይኑ ክንቀበሎን ክንምእዘዘን ግድን እንተኾነ፣ መስዋእቲ ብጻይናን ኣቦ መንበር ውድብናን ሓርበኛ ዶክቶር ሃብተ ተስፋማሪያም ኣብ ኣዚዩ ዘድለይና መዋእል ብሃንደበት ስለ ዝተፈለየና ዓሚቑ ሓዘን ክስዕበልና ናይ ግድን ኢዩ።

ብርግጸ፣ ሓርበኛ ኣይነበርን ኢዩ ታሪኹ ግን ነባሪ ኢዩ ።

ስዉእ ሓርበኛ ዶክቶር ሃብተ ተስፋማሪያም ክግለጽ ኮሎ፣ ከም ፍትሓውን ንጹህን ተጋዳላይ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ዓበይቲ ሃገራዊ ጉዳያትን ምስ ሓድነት ህዝብና ምትእስሳር ኣብ ዘለዎም ኣምራትን፣ ከም ጉዳይ ሃይማኖታውን ቋንቋውን ማሕበራውን ኣካውና ሕብረተሰብና ዝኣመሰሉ፣ ግሉጽነትን ካብ ንሓፍነት ዝረሓቐን መርገጽ ዝነበሮ ዓቢ ሃገራዊ መራሒ ምንባርይ ብዙሓት ሃገራውያን ዝምስክርዎ ሓቂ ኢዩ። ኣብ ክሊ መሪሕ ውድብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝተቓለሰን ዘቃለሰን ብምንባሩ፣ ከምዚ ዓይነት ሃገራዊ ዘኹርዕ መርገጽ ክሕዝ ናይ ግድን ይኸውን።

ክቡር ሓርበኛ ዶር. ሃብተ ከም'ቶም ኣብ'ዚ ቀረባ ዓመታት ዝሓለፉ ሱዉኣት ጅጋኑ ብጾትና፣ ከም ሓርበኛ ኣሕመድ መሓመድ ናስርን ሓርበኛ ዶር. በየነ ኪዳነን ካልኦትን ብጾትናን፣ ንሱ'ውን መዓልቲ ኣኺሉ እንተርከቦም፣ ዝተሰውኡሉ ቅዱስ ዕላማ ህዝብና ንምርግጋጽን፣ ክሳብ ፋጹም ዓወት ንምብጽሑን፣ ኣሰሮም ብምኽታል ከይተሓለልና ቃልስና ክንቕጽል ምዃና ብስም ኩሎም ኣባላት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ - ጨንፈር ሆላንድ መብጻዓና ነሐድስ። ንኩሉም መሪሕነትን መሰረታትን ብጾትናን፣ ከምኡ'ውን ንመላእ ደላዪ ፍትሒ ህዝብናን፣ ብዝለዓለ ከኣ ንክቡራት ስድራ ቤቱ፣ ጽንዓት ይሃብኩም ንብል። ንሱዉእ ኣቦ መንበር ውድብና ጅግና ሓርበኛ ዶር. ሃብተ ተስፋማሪያም ድማ መንግስቲ ሰማይ የዋረሶ።

ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ - ጨንፈር ሆላንድ